# ኣየላገብናን ዲና መርፍእን ፈትልን!

ብዕለት 16/08/2007 መንግስት ኣመሪካ ንሃገረ ኤርትራ ኣብ ደንቤ ናይ ግብረ-ሽበራዊ ስርሒት መወልትን ደገፍትን መዝገብ ዝርዝር ከስፍራ ምኻኑ ዘተንብህ ወረ ኣብ መራኸቢ-ብዙሓን ካብ ኣፍ ኣመሪካዊ ምምሕዳር ብዓልቲ መዚ ዝኾና ወይዘሮ ጃንዳይ ፍረዘር ሰሚዔ። ጎኒ ን ጎኒ እዚ ዓቢ ተንባህታ ድማ መንግስት ኣመሪካ ኣብ ስተይት ካሊፎርንያ ዝነበረ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት መንግስት ሃገረ ኤርትራ ንክዕጾ ከምዝኣዘዘ ሰሚዔ። ኣብ ግዕዞ ነፋሪት ስለዝነበርኩ ግን ከንብብ ወይ ክጽሕፍ ዝነበረኒ ዕድላትን ተኽእሎታትን ድሩት ስለ ዝነበረ፡ እታ ሓንቲ ክገብራ ዝኽእል ኣብ ዉቕያኖስ ሓሳብ ኣቲኻ ምምርማር ጥራይ ስለዝነበረት፡ ኣብ ዓሚቕ ሓሳብ ተዋሒጠ ኣብ ታሪኽ ጉዕዞ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ግዳማዊ ሓገዛቱን ኣትየ ክፍትሽ ምስ ጀመርኩ ኩሉ ህዋሳዊ ኣቃሉቦይን ቀልበይን ኣብ  ዝሓለፍናዮ ጽንኩር ኩነታትመድረኽ 1978-1979 ዓ.ም.ፈ ደዉ በለ።

“ዝሓዝካ ሒዝካ ተበገስ” “ሰኸም ኣይተጽዕቕ” “ኣጆኻ ማዓንጣኻ ሽጥ ኣብሎ” “ዓወትና ናይ ግድን እዩ” “ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ክንገብር ኢና” “ጸላኢ ንዕርድታትና ዓዲ ያቕብ ሰይሩ ንዒላቤርዕድ ገጹ ይደፍእ ኣሎ” ………. ወ.ዘ.ተ ዝብላ ሓረጋት ኣብቲ እዋናት እቲ ዘንህያሉ ዝነበራ ዘከርኩ። እቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ወትሃደራዉን ፖሎቲካዉን ኩነታት ኣዝዩ ጽልግልግ ዝበለ ስለዝነበረ እዚ ክትብሎ እዉን ትኽእሎ ኣይነበረን። ሓደ ምሸት ካብ ከረን ነቂልና ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ዛግር ኣተና፡ ነቶም ኣብ ዛግር ዝነበሩ ምልክታት ዉድብ ብምሕባር ኣብዚ ኣለና እሞ ገለ መልእኽትታት እንተሃልዩ ሓብሩና ብምባል መጸዉዒ ኮድና ብምንጋር ነጸላዉትና ካብ ዕጥቅና ፈቲሕና ምስ ጥሙይ ከብድና ጎቦ ኮና። ንድምቐት ወርሒን ኣሰንዮማ ዝነበሩ ሽዋኽብትን ንምዕዛቦምን ባህርያዊ ጺጋታቶም ንምስትማቃሮም ኣዝዩ ኣጺጋሚ ነበረ። ምክንያቱ ነቲ ባህርያዊ ብርሃን ዝብክሎን ጸጥታኡ ዝዝርጎ ከቢድን ቀጻልን ቶክስታት ኣብ ሰማይ ብልጭ ብልጭን ሂም ሂም ይብል ስለዝነበረ፡ ጎቦ ልብና ኼና ደቐስና። ድሕሪ 46 ደቃይቕ ምድቃስና እቲ ምልክት ብጾት ብጾት እንዳበለ ከድሂ ጀመረ። ብወገነይ ኣብዚ ኣለና ድሓን ዲኻ ዝብል መልሲ ምስ ሃብክዎ፡ መልእኽቲ ሬድዮ ሃለው ኣለኩም በለና። በል ነት ጉዕዞ ወዲ ስባህቱ ይመርሖ ስለዝነበረ ንወዲስባህቱ ሃቦ በልክዎ። ወድስባህቱ ነታ ቕንጣብ ወረቐት ነቢቡ ብጾት በሉ ጽሓይ ቅድሚ ምዉጽኣ ስዓት 4 ናይ ንግሆ ክንብገስ ኢና ሕጂ ደቅሱ በለና።

ልክዕ ከምቲ ዝተሳማማዕናሉ ድማ ስዓት 4 ተሲእና ነጸላዉትና ዓጺፍና ንንቅሎ ተዋደድና። ኣብቲ እዋንት’ቲ ምስ ክልተ ብጾተይ ስዉኡ ተኸላይ ብርሃነን ስዉእ እስቲፋኖስ ስባህቱ ካብ ዛግር ብሳቡር ኣቢልና ንመድሓኒት እንዳወረድና እንኮሎና ብወገነይ ነቲ ጋን ተሰሪሑ ዝነበረ ኩነታት ብቡቑዕን ብቡሱልን ንምፍላጥ ን ተወሳኺ ሓስባትን ሚዛናትን ንምኽዕባት ካብ ዝብል ሃቐነ ። ስዉእ ስቲፋኖስ ስባህቱ ድማ ብዕድመን ኣካዳሚካዊ ዓቕምታቱ ካባይን ካብ ስዉእ ተኸላይ ዝላዓለ ስለ ዝነበረ። እንዳ ድኣልኩ እስቲፍ…. እንታይ ድኣ ኣሳጋጉማኻ ሎሚ ምዓልትስ ነዊሑን ቀልጢፉን በልክዎ። እስቲፍ ተቀቢሉ ሃዊኽኩም ዶ? ኢሉ ሑቶ ብሕቶ መለሰለይ። ብወገነይ ኣይ….! ኣይሃወካናን የግዳስ ትቕልጥፍ ኣለኻ ጸላኢ ንዛግር ገጹ ዶ ይመጽእ ኣሎ እዩ ኢለ ሓቲተዮ። ምክንያቱ መልእኽቲ ሬድዮ ደቂስና እንኮሎና ስለተቀበልካ ምናልባሽ ጸላኢ ንሰሜናዊ ባሕሪ ንምቑጽጻር ነቂሉ ስለዘሎ ካብቲ ቦታ ተኣለዩ ዝብል ትእዛዝ ካብ

መሪሒነት 7.1 መጺካ ካይከዉን ኢለዮ። እስቲፍ ኣጋባብ ኣታሓሕታይ ደስ ስለዘይበሎ ትቅብል ኣቢሉ እዚ ኣዛራርባ ደብተራ ሕደጎ፡ እታ መጽያ ዘላ መልእኽቲ እቶም ኣብ መድሓኒት ዘለዉ ኣሃዱና ንሳሕል ክወርዱ ከምዝተኣዘዙ ትሕብር እያ፡ ንሕና እዉን ምስኦም ክንወርድ ስለዘለና ኣብ ክንዲ ተፋላሊና ንወርድሲ ምስዚ ዘሎ ጽንኩር ኩነታት ጥርንፍ ኢልካ ምዉራድ ይሓይሽ ዝብል ሓስብ ስለዘለኒ ኢየ፡ መታን ከነርክቦም ዝህወኸኩም ዘለኹ በለኒ።

ትም ኢሉ ክሰምዕ ዝጸንሔ ስዉእ ተኽላይ ብርሃነ ነቲ ርቡጽን ሓድሕዳዊ ዘይቕዱት ዕላልና ተሓወሶ። ትቅብል ኣቢሉ እስቲፍ ጸላኢ ማርሳ ጉልቡቡን ማርሳ ተኽላይን ኣትዩ ከምዘሎ ፈሊጥካ ዶ ኣለኻ? ክብል ሓተቶ። እስቲፍ ዝን ኢሉ ንኣስታት 5 ደቓይቕ ድሕሪ ምጉዓዙ፡ ኣብ

ክንዲ ፈሊጠ ኣለኹ ኣይፈለጥኩን ዝምልስ፡ እሞ ከምኡ እንተኾይኑ ኣብ ሩባ ዒን፡ ማዕሚደ፡ ቃምጨዋን ሞጋዕን ከምኡ እዉን ኣብ ማይህመት ዓሪዱ ክቕርቕረና እዩ ዝብል ናይ ወትሃደራዊ ስትራተጂ ማሕንቖታት ክኾና ዝኽእላ ብሓሳቡ ዳህሰሰ። ኣስዒቡ ድማ ጥራይ ነቶም ኣብ ደብዓት ዘለዉ ተኣለይቲ ህዝብን፡ ኣብ ዜሮ-ዛግረ ዘለዉ ተማሃሮ ህጻናት ቤት ትምህርቲ ሰዉራን ኣብ ሰበርቐጸ ዘለዉ ዉጉኣት ኣብ ዉሑስ ቦታ ኣልዮሞም ክኾኑ ተስፋ ይገብር ኣንዳበለ ኣሕሕሕሕሕሕሕሕሕሕሕሕ! በለ። ብወገነይ ትቅብል ኣቢለ ስማዕ እስከ እስቲፍ እንታይ እዩ እቲ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዉን ዞባዉን ፖሎቲካዉን ኩነታት በልክዎ። እስቲፍ ትቕብል ኣቢሉ እንታይ እሞ ፈሊጠ ኢልካኒ ክብል መለሰለይ! ጸኒሑ ኣብቲ BBC ን Focus on Africa ዝባሃሉ ኣገልግሎት ናይ ሬድዮ ዜና ፈነወታት ብተዳጋጋሚ ከምዝዛረብሉ ንሕና ከም ሸፋቱ ስርዓት ደርጊ ድማ ከም ዓቢ ሓገዝ ናይ ዋርሶ ፓክት ከምዝረኸበ እዮም ቀጻሊ ዝዛረቡ በለ።

ትቅብል ኣቢለ ስማዕ እስከ እስቲፍ ዋርሶ ፓክት ንስርዓት ደርጊ ይሕግዙ ካብ ሃለዉ እቲ ምዕራብ ዓለም ወይ ናቶ ፓክት ንዓና ዶ ክሕግዝ ኣይምስተገብኤን ክብል መለስክሉ።

ስዉእ ተኽላይ ብርሃነ ትቕብል ኣቢሉ ሓገዞም ይትረፈና ዋላካ ምእንቲ መሰል ርእሰ ዉሳኔና ከም ንቃለስ እዉን ዝኣመኑልና ኣይኮኑን። ነዚ መሰረታዊ ሕቶ እዚ ክሳብ ዘይተቀበሉ ድማ ዋላ እቶም ናቶ ፓክት ዝባሃሉ ምስ ዋርሶ ፓክት ኮይኖም ከጽንቱና ምኻኖም ፍሉጥ እዩ ምስ በለ እስቲፍ ነቲ ሓሳብ ናይ ምስምማዕ ምልክት ርእሱ ካብላዕሊ ንታሕቲ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ነዝ ነዝ ኣበለ።

ብወገነይ ናይ ክልቲኦም ብጾት ናይ ሓደ ሓሳባት ዕግበት ምስተዓዘብኩ..........እሞ ኩሉ ሞት እዩ፡ ማለት እዩ! ኩሉ ሞት ካብ ኮነ ኣማዉታኻ ኣጸቢቕካ ሙማት ይሓይሽ በልኩ። ክልቲኦም እወ ንሳ እያ፡ ኮቶ ሞት ናትና ግን መዘዝ ሒዝሎም ክኸይድ እዩ እምበር ደም ከልቢ ኣይ ክኸዉንን እዩ በሉ። እስቲፍ ቀጺሉ ብጾት እሞ ምስዚ ዘሎ ጽንኩር ኩነታት ወይ ብመደብ ስራሕ ወይ ብመስዋቲ ክንፋላለ ስለ ንኽእል ደምና ካይንራጋገጽ ሓደራ በለና። ብወገነይ ኣጀኻ ወዲ ስባህቱ ኣብ ቃለይ ኣለኹ በልክዎ፡ እስቲፍ ትቅብል ኣቢሉ ኣታ ወዲ ንስኻ ኣዚኻ ዉዕይ ስለዝኾንኻ ቑሩብ ዝግ በል ኢኻ በለኒ። ወዲ ብርሃነ እዉን ብጾት ፈልከት የለን መርፍእን ፈትልን ኣላጊብና ሕድሪ ስዉኣት ብጾትና ክንቅጽሎ ኢና ብማለት ነቲ መብጻዓ ኣራጎደ።

ነዊሕ ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሰ ሰዉራ ኤርትራ በይኑ ኣብ ዓለም ደዉ ኢሉ ከምዝነበረን፡ ነዚ ዕላል ምስ ክልተ ስዉኣት ብጾተይ ዝተዛራረብኩሉን ፡ ጽንኩር ኩነታት 1978-1979 ን "ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰዉራ ሓራሪ" ትብል ደርፊ ናይቲ እዋን እቲ ዘከርኩ

ኩሉ ብሰፍ ዘይብል መስዋትን ዘይሕለል መንፈስ ቃልስን ኤርትራዉያን ከምተሰግረን ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ከምተጋላገለት እዉን ብምዝካር ንተዘክሮታተይን ተሞክሮይን ብሓሳብ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣቀመጥኩሉ። ምኽንያቱ ዝጓዓዘላ ዝነበርኩ ነፋሪት ካብ ማዓሙቕ ህዋ ንምድሪ ገጻ ክትንቖት ስለዝኮነት ብሞግሊሒ ድምጺ ገይሮም ክንዓሊብ ስለዝኾና ኩሉኹም ገያሾ ነፍሱኹም ምስ ኮፍ ኢልኩምሉ ዘለኹም መንበር ብመጽዓን ቁልፊ እሰሩ ዝብል ትእዛዝ ስለዝተዋህበ፡ ካብናይ ሕዛቲ ምሕሳብ መስርሕ ተዓገትኩ። ኣቃሉበይ ንምዉራድ ካብታ ነፋሪትን ድሕሪኡ ቀጺሉ ዝነበረኒ ናይ ባቡር ሓዲድ ጉዕዞ ስለዝነበረ ኣብኡ ተጸምደ። ድሕሪ ክልተ ስዓታት ዝነብረሉ መንበሪ ገዛይ ምስ ኣተኹ ብቐጥታ ሳንጣይ ደርብየ ናብቲ ሰደቓ ኮምፒተረይ ከይደ ኢየ፡ ወሊዔ ዜናታት ክድህስስ ጀመርኩ። ከም ሓሳብ ኣብ መስርዕ ናይ "ግብረ-ሽበራዊ ስርሓት" መወልትን ደፋትን ተባሂለን ኣብ መዝገብ ኣመሪካ ዝሰፈራ ክንደይ ሃገራት ኣለዋ? መነመን ይባሃላ? ቑጠባዊ ዓቕምታተን ከ ከመይ ዝበለ እዩ? ዓይነት ዘለወን ፖሎቲካዊ ስርዓታት? ጠንቅታት ኣብቲ መዝገብ መስፈሪኤን ………… ወ.ዘ.ተ. ክነብብን ከጽንዕን ጀመርኩ።

ቀጺለ እዉን ንጽቢሕቱ ንቤት ንባብ መጽሓፍቲ ብምኻድ ነዚ ዛዕባዚ ብዝምልከት መጽሓፍቲ ክገናጽል ጀመርኩ። ብኣቃራፂ ካብ ሰብ ክፍልጦ ዝደሊ እዉን ንገለገለ ፈሊጣን ተሌፎን ብምድዋል ዘይተረድኣኒ ነገር ክሓትት ጀመርኩ። ነዚ ኩሉ ንጥፈታት ንምክያድ ድማ 5 መዓልታት ሙሉእ ወሰደለይ። ኩሉ ክፈልጦ ዝግባኣኒ ዛጊት ከምዘይፈለጥኩ ዝግምት እኳ እንተኾንኩ፡ ሚዛናይ ካብ ምቕማጥን ርእይቶይ ካብ ምፍሳስን ዝገትኣኒ ጉዳይ ግን ኮቶ ከምዘየሎ ስለዝተገንዘብኩ ግምታተይ ከቐምጥ እየ።

እተን ዛጊት ኣብ መዝገብ ግብረሽበራዊ ስራሓት መወልትን ደገፍትን ተመልኪተን ዘለዋ ካብ ሃገራት ዓለም 5 ሃገራት ጥራይ እየን። ንሳተን ድማ፡

1. ኩባ ብ1982 ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $3,900.00።
2. ሱርያ ብ1979 ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $5,348.00።
3. ኢራን ብ1984 ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $3,046.00።
4. ሰሜን ኮርያ ብ1988 ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $1,007.00።
5. ሱዳን ብ1993 ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $2,522.00። ኣብዚ ኤርትራ እንተኣትያ???????????????
6. ኤርትራ ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $253.00።

ነባቢ ክምልከቶ ዝደልዮ ዘለኹ ዓቢ ጉዳይ እቲ ቁጠባዊ ዓቕሚ እዩ።

ንሓንቲ ንእሽታይ ዉሑድ ህዝቢ ዘለዋ ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራዉነትን ትርከብ፡ እሞ ቁጠባዊ ዓቕማ ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $253.00 ዝኾነት ሃገርን ህዝብን፡ ኣብዚ መዝገብ ግብረሽበራዊ ስራሓት መወልትን ደገፍትን ኣእቲኻ ሳዕቤናቱ

ድማ ቁጠባዊ ፖሎቲካዊ ሞራላዉን እገዳ እዩ። ከምዚ ንሓደ ብፋሑስ ገመድ ሓኒቕካ ዝቀተልካዮ ሰብ መይቱ እንከሎ፡ እንደገና ምሕናቕ ዝዓይነቱ ተግባር እዩ። ሓንቲ ቁጠባዊ ዓቕማ ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $253.00 ዝኾነት ሃገር ከ በየናይ ቑጠባዊ ዓቕማ እያ ንግብረሽበራዊ ስርሓት ዘካይዱ ወትሃደራዉን ፋይናንሳዉን ክትሕግዝ ትኽእል? ማዕረ ክንደይ እያ ኸ ንዓለም ይኹን ንኸባቢኣ ኣስጋኢት ክትኸዉን ትኽእል? ነታ ዝሞተት ሃገር ብእዉጅ ኣይኩናት ኣይሰላም ሞይታ ከንሳ ካልኣይ ግዜ ብምዉታ ምስቃላኽ እንታይ እዩ እቲ ዕላማ? ድሕሪኡ ኸ እንታይ ተዋዲዱ ኣሎ? ዝብል ሕቶታት ክምለስ ዘለዎ እዩ ተስፋ ይገብር ድማ ኩሉኹም ኣባላት ባይቶ ብዕጉስ ሓንጎልን ብዓሚቕ ምስትዉዓልን ሃናጺ ርእይቶታትኩም ግምታትኩምን ኸተበርክቱ ይዕድም።

ሓደ ሓደ ሰባት ምናልባሽ እንታይ እዩ እሞ ጸገምካ? ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምልካዉን ናይ ከባቢ ጸጥታ ዝዘርግን ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ኢድ ምትእትታዉ ዝገብር ስለዝኾነ፡ ብዓቢኡ እዉን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዓፊኑ ሒዝዎ ስለዘሎ ሕደጎም ሽለዉ የብልዋ ክብሉ ይኽእሉ እዮም። ቀዳማይ እቲ ድንዓታት ዝግበረሉ ዘሎ ፖሎቲካዊ ዉሳኔ ኣመሪካ ብዓቢኡ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራይ ዘይኮነ ንሃገር ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ዘጣቃለለ ኮይኑ ድሕሪ ከም ፖሎቲካዊ ስርዓት መጠን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተኣልዩ እዉን ብቀሊሉ ነቲ ዉጋዜ ምእላዩ ኣይካኣልን ስለዝኾነ እዩ። ካልኣይ ብወገነይ ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ካይተንከፉ ነቲ ስርዓት ሽለዉ ከብልዎ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ሽለዉ የብልዎ ምስ በልኩ። ገሊኦም እዉን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምስ ምንቅስቃስ እስላማዊ ኣብያተ ፍርድ ስለዝታሓጋገዝ ዘሎ፡ ንሳቶም ድማ ኣኽረርት ስለዝኾኑ ሓጋዚ ግብረሽበራ እዩ ዝብል ሓሰብ ከምጹ ይኽእሉ እዮም። ብወገነይ  ሕቶ ህዝቢ ሶማልን ሕቶ ምንቅስቃስ እስላማዊ ኣብያተ ፍርድ ፈላልየ እየ ዝርእዮ። ከም ኣባል ኣካል ሓርነታዊ ምንቕስቃስ ድማ ደጋፊ ሓርነት ህዝቢ ሶማል እየ። ልዕሊ ኹሉ ግን ንግብረ ሽበራዊ ዉድባት ዓለምና ተባሂለን ዝርቛሓ መን መስሪትወን ዝብል ሕቶ መሰልዓልኩ። ብኣንጻሩ እዉን መንግስት ኢትዮጵያ ንኣኽረርት እስላማዊ ምንቕስቃሳት ጎሮባብቲ ሃገራት እኮ ይሕግዝ ኣሎ።

ኣብ ጎራባብቲ ሃገርና ዘለዋ ሃገራት ኢትዮጵያ ሱዳን የመን ከ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ምትእትታዉ ሓዲገን ዲየን ምስ በልኩ። ንምንቅስቃስ እስላማዊ ኣብያተ ፍርዲ ሶማል ኸ መንግስት ኤርትራ ጥራይ ድዩ ንበይኑ ዝሕግዞም? ኣይመስለኒን! ልዕሊ መንግስት ኤርትራ ሃብታማትን ሓያላትን ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ኢራን እዉን ይሕግዝዎም እዮም። ነዚ መንግስት ኣመሪካ ኣይፈልጥዎን ድዮም ንዝብል ሕቶ ንምምላስ? ይፈልጥዎን ፈረቃን ምስበልኩ። ምስ መንግስቲ የመን፡ ምስ መንግስት ስዑድያን መንግስት ሶርያን እዉን ክዛራረብሉ ጸኒሖም እዮም። እዚ ኣብ ኤርትራ ዝዋጣወጥ ዘሎ ኣእዳዉ ዉገዛ ኣመሪካ፡ ልክዕ ከምቲ ኢስራኤል ንጎቦታት ጎላን ወሪራ ምስ ሓዘቶ ሶርያ መርየታን ሃገራዊ ረብሓታታን ንምምላስን ንምርግጋጽን ንእስራኤል ጸቕጥታት ንምግባር ዝስትራተጇኡ ንክሎም ኣንጻር እስራኤል ደዉ ዝበሉ ሓይልታት ሞራላዊ፡ ነገራዉን ፋይናንሳዉን ሓገዛት ብምሃብ ብኩሉ ኩርንዓት እስራኤል ሓዊ ምስተፍኣላ፡ ኣመሪካ ንሶርያ ኣብ መዝገብ መዋሊትን ደጋፌትን ግብረ-ሽበራ ዘእተወታ ተማሳሳሊ ኩነታት እዩ። ንሶርያን ንኤርትራን ዝፈላልየን መሰረታዊ ሮቛሒታት ግን ኣለዎ። ንሱ ድማ።

1. ሱርያ ብ1946 ካብ ምምሕዳር ፈረንሳ ከም ዘመናዊት ሃገር ዝቖመትን ናጻ ዝወጸት ሃገር እያ፣ ኤርትራ ግን ብ 1993 ካብ መግዛቲ ኢትዮጵያ ናጻ ዝወጸት ሃገር እያ።
2. ቁጠባዊ ዓቅሚ ሱርያ ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $5,348.00 ክሽዉን እንኮላ፣ ናይ ኤርትራ ግን ጠቅላላ ዘቤታዊ እቶት/ርእሰማል $253.00 እዩ።
3. ሱርያ እኹል መንግስታዉን ህዝባዉን ትካላት ዝሃነጸት፣ ሓያል ናይ ምክልኻልን ጸጥታን ኣጽዋርን ሰብኣዊ ዓይነታዊ ዓቕምታት ክህልዋ እንከሎ ኤርትራ ግን ኣብ ተተይ ምባል ትርከብ ሃገር እያ።

ንክልቲኤን ሓደ ዝገብረን ሮቛሒ.ታትድማ ብኣመሪካ ትድግፎም ሃገራትን መንግስታትን መሬተን ተጎቢ.ጡ ምህላዉን ድሮ ሶርያ ኣብቲ መዝገብ ስንድቲ ኣላ፣ ኤርትራ ድማ ክትስዕብ ምዉጥዋጥ ይግበር ኣሎ።

ዝኾነ ምምሕዳር ኣመሪካ ንካልኣይ ተርም ዝተመርጸን ዘገልገለን ፕረሲደንት ንሳልሳይ ተርም ስለዘይምረጽ፣ ኣብቲ ቀዳማይን ካልኣይን ወቕቲ ምምሕዳሩ ጸገማት ዝፈጠሩሉን ንመደባቱ ኣበርዒኖም ዲኖ ሕፍረት ዝሽደንዎ ሃገራትን መንግስታትን ንሓዋሩ ከምዘይትስኡ ዝገብሮም ፖሎቲካዉን ቁጥባዉን ዉሳኔን ዉገዛን ኣብ ልዕሊኦም ኣንቢሩ እዩ ቤት-ጽሕፈቱ ዝሓድግ። ምምሕዳር ቡሽ ድማ ነቲ ኣብ ሱዳን ኣብ ሶማል ከካይዶ ዝሓሰበ መደባት ብዘይምዕዋቱ ንኤርትራ ገንሸል ክገብራ ይኽእል እዩ ዝብል ግምታት ኣለኒ ግን እቲ ዘለዎ ግዝየ ሓጺር ብምኻኑ ተስፋ ይገብር እግዝሄር ክዕንዝሮም።

ምምሕዳር ኣመሪካ ወይ ፕረሲደንት ቡሽ ምስ ኤርትራ ዘተሃላልኾም ዘሎ ጉዳይ፣ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምልካዊ ስርዓትስለዝኾነ፣ ሰብኣዊ ሓርነት ስለዝዓፈነ፣ ዘይቅዋማዊ ስርዓት ስለዝኾነ…..ወ.ዘ.ተ ብፍጹም ኣይኮነን። እንታይ ድኣ እዩ? እቲ ጉዳይ ጉዳይ ሃገራዊ ረብሓ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ መንግስት ኣመሪካን ናቶም ኮራኩራትን ብዘይምቕንዑ እዩ። ምምሕዳር ኣመሪካ ብፖሎቲካዊ መገዲ ነቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ዳርፎርን ዘሎን ዝነበረን ፖሎቲካዉን ሰብኣዉን ቅልዉላዋት ረብሓታቶም ብዘራጋግጽ መገዲ ክሕዝዎን ክፈትሕዎን ጽዒሮም እዮም። መንግስት ኤርትራ ካብ ኢዶም መንዚዑ ናይ ምብራቕ ሱዳን ፈቲሕዎ ናይዚ ፍታሕ ዓስቢ ድማ ንረብሓታት መንግስት ኤርትራ እዩ። ካልኣይ ምምሕዳር ኣመሪካ ንንፍጠኛታት ሶማል { War Lords } ን 15 ዓመታት መመላእታ ፋይናንሳዉን ነገራዉን ሓገዛት እንዳመወሉ ንሃገረ ሶማልን ህዝቢ ሶማልን ጥርኑፍ ማእከላይ መንግስቲ ከምዘይህልዋን ኣብ መላእ ዓለም ብስደት ከምዝባታተኑ ክገብሩ ድሕሪ ምጽናሕን ብዉሽጥ ዉሽጥ ንግብረ-ሽበራዊ ስርሓት ኣብ ቐርኒ ኣፍሪቃ ንምክያድ ዝተወዳደ ዉድብ ኣልእትሓድ ክምዉልዎ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ኣዕናዊ ስርሒታት ኣንጻር ረብሓታቶምን ናይ ኢንባሲታት ትካላቶም ምስተካየደ ኣንጻሩ ደዉ ክብሉ ወሰኑ።

ነዚ ሓደጋታት እዚ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንምእታዉ ድማ ኣብ ሰማልያ ኣብ ቀጥታዊ ትሕቲ መንግስት ኢትዮጵያ ቁጽጽር ዝዋፈር ረብሓ መንግስት ኣመሪካ ዘራጋግጽ ማእከላይ መንግስቲ ክስራሕ ስለዝነበሮ፣ ነቲ መንግስት ሶማል ኣብ ከንያ ሰሪሖም ንባይዳዋ ከምዝኣቱ ገበርዎ። እዚ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ሶማል ዘይተሰረተ መንግስቲ ንመቃድሾን ካልኦት ክፍልታት ሶማልያ መታን ክቃጻጸርን፣ ነቲ ህዝባዊ ደገፍን እንዳረኸበ፣ ዝሰፍሔ መሬት እንዳተቛጻጸረ ዝኸይድ ዝነበረ ናይ ማሕከማ እስላምያ ዉድብ ንምቑጻዩ ሰራዊት ኢትዮጵያን ነፈርቲ ዉግእ ኣመሪካን ብምእታዉ

ነቲ ኲናት ጀመርዎ። ማሕከማ እስላምያ ዓበይቲ ስትራተጂያዊ ጌጋታት ኣንህዩ እዩ። ንሱ ድማ ጂሃድ ምእዋጁን ንጂሃዳዊ ቃልሲ ከካይዱ ድልዉኣት ዝኾኑ መጃሂድን ዓለማዊ ጻዉዒት ምክያዱን ብዓቢኡ ድማ ዓባይ ሶማል ማለት ኣብ ትሕቲ ሃገራት ኬንያን ኢትዮጵያን ዘለዉ ተዛረብቲ ቛንቓ ሶማል ምስ ዝነብሩሉ መሬት ጽዕዶ ምግባሩ ነቲ ናይደገ ሓይልታት ምትእትታዉ ኣቃላጢፍዎን ጥጡሕ ባይታታት ፈጢሩሎም እዩ።

እቲ ኣብ ሶማልያ ተወሊዑ ዘሎ ኲናት ተጀሚሩ ድኣ እንበር ዛጊት ኣይተወድኣን ዘሎ ቅድሚ 7 መዓልታት ድማ ጎኒ ንጎኑ ሃገራዊ ዕርቒ ዘናዲ ዋዕላ ይካየድ ከምዘሎ ይፍለጥ። ዉድቐት ናይዚ ፍጻሜ እዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን መንግስት ኣመሪካ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ እዮም ዘሳብብሉ። ስርዓት ኤርትራ ንማሕከማ እስላምያ ብኣጽዋር፡ ብሰብኣዊ ወትሃደራዊ ዓቕሚ ስልጠና፡ ብገንዘብ፡ ብምሕንጻጽ ወትሃደራዊ ስትራተጂ ይሕግዞም ስለዘሎ ኣብ ዚመደብናዮ ግዝያት ክዉዳእ ኣይክኣለን ሰላምን ቅሳነትን ክራጋገጽ ኣይክኣለን ዝብል ገምጋማት ከንህዩ እዮም ዝስምዑ።

መንግስት ኣመሪካ 4000 ማይልስ ካብ ኣመሪካ መጺኣ ረብሓታታ ኣብ ሶማልያ ከተራጋግጽ ትፍትን እንተኾይና፡ 1000 ማይልስ ፍልልይ ርሕቀት ዘሎዋ ኤርትራ ኸ እንታይ ክትገብር ኣለዋ ዝብል ሕቶ እዩ ዝልዓል። መንግስት ኤርትራ ንማሕከማ እስላምያ ደገፌታት ከምዝህቦም ርድኡ እዩ። ነዚ ርድኡ ዝገብሮ እዉን ዓሰርት ግዝየ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ፖሎቲካዊ ደገፊታቱ ስለዝሃበን፡ ድሕሪ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንሶማል ብኸፊል ምቑጽጻሩ ዝሃደሙ መሪሕነታት ማሕከማ እስላምያ ሶማል ኣኼባታቶም ኣብ ዉሽጥ ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ብምክያዶም ክምኸነ ይኽእል እዩ። ማዕረ ክንደይ እዩ ግን ሓገዛትን ዓቕምታትን መንግስት ኤርትራ ንጉዙፍ ዓቕምታት ኣመሪካን ኢትዮጵያን ካብ ክገብርዎ ዝኽእሉ ስጉምትታት ከዃናድብን ክዓግትን ዝኽእል ዝብል ሕቶ ክምለስ ምስተገብኤ።

መንግስት ኤርትራ ብዘለዎ ዓቕምታትን ዞባዉን ዓለማዊ ጽልዋን፡ ኣብ ዉሽጥ ሶማል ህዝባዊ ተበግሶን ምንቕስቓስ እንተዘይነብር፡ ባዕሉ ሰሪሑ ከንቃሳቅሶም ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ኣብ ደገፍትን መወልትን ምቱካር መንግስት ኣመሪካ ኣብ ዉሽጥ ሶማልያ ባህግታትን ድሌታትን ህዝቢ ሶማልያ ጽን ኢሉ ክሰምዕን፡ ጸገማቶም ባዕሎም ክፈትሑ ሃናጺ ምትሕብባር ክገብር ምስተገብኤ ነይሩ ግን ናይ ወጻኢ ፖሊስ ኣመሪካ ንከምዚ ዓይነት ተበግሶታት ማዕጸ ዝኸፍት ኣይኮነን። ኣመሪካዉያን ንዉድቐቶም ኣብ ዒራቕን ሊባኖስን ንኢራን፡ ንፍሽለቶም ኣብ ፍልስጤን ንሶርያ፡ ንዉድቐቶም ኣብ ሶማልን ሱዳንን ንኤርትራ…………ወ.ዘ.ተ እንዳሳበቡ ይኸዱ ከምዘለዉ ፍሉጥ እዩ።

መንግስት ኤርትራ ንረብሓታት ኣመሪካን ኢትዮጵያን ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክጻባእን ጸቕጥታት ክገብርን ባህርያዊ እዩ። ምኽንያቱ ቀዳማይ እቲ መዕልቦ ዘይተገብረሉ ናይ ዶብን ልዑላዉነትን ሕቶ ኣሎ። ካልኣይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኣወጀ ኣይኩናት ኣይሰላም ስለዘሎ፡ ሳልሳይ ድማ መንግስታዉን ሃገራዉን ረብሓታቱ ከቀድምን ክሕሉ ናይ ግድን ስለዝኾነ እዩ። በዚ ተታሒዝዎ ዘሎ ኣጋባብ ግን ፍጹም ክዕወቶሎም ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ንፖሎቲካዊ ስርዓቱ ኣዳኺሙ ንህዝቢ ኤርትራን ሃገር ኤርትራን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሜላ እዩ። ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ እዩ። ናይ ወጻኢ ፖሊስታት ኣመሪካ ንኤርትራ ጥራይ ዘኮነ፡ ንመላእ ሃገራትን

ህዝብታትን ዓለምና ጨፍሊቑ ዘገብር ዘሎ ብምኻኑ፡ ብለባም ኣጋባብን ብዓቕልን ክትሓዝን ዓቕምኻ እንዳርኣኻ ምኻድ ከድሊ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ግን ኣብ ከምዚ ፖለቲካዊ ወጥሪ ኩነታት ሓድነት ሃገርን ህዝብን ከድሊ እዩ። ዉሽጣዊ ሓድነትን ርግኣትን እንተዘይሃሊዩ፡ ንድየት ማሃዚ ተጻዋርን ተበግሶታት ዜጋታት ከጋጥም እዩ። ዉጽኢቱ ድማ ተምበርኻኽነት ዉልቓዉነት ምብትታን ህዝብን ሃገርን ክኸዉን እዩ።

መንግስት ኤርትራ ኩሎም ዝወጠኖም ፖለቲካዊን ቁጠባዉን ፖሊሲታቱ ምስ ህዝቡ፡ ምስ ጎሮባብቲ ሃገራትን ሃገራት ዓለም ኣብ ተፋጠጥ ኣእቲዎ ክሰርሓሉን ከዕዉቶም ከምዘይክኣለ ፈሊጡ ከምዘሎ ርዱእ እዩ። ሓደ ፖሊሲ ክሰርሕ እንተዘይኪኢሉ ወይ ድማ ኣሉታዊ ሳዕቤናት እንተድኣ ኣኸቲሉ ጌጋታት ከምዘሎ ብዘይ ገለ ግብዝና ተኣሚንካ ፖሊሲኻ ምቕያርን ንዕኡ ዘማዓራርዩ ፖለቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ምቕይያራት ምትእትታዉ እዩ። ብዛዕባ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣመሪካ ተዛሪብና ተማሪርና ኤርትራዉያን ነስምዖ ዓለም ወይ ደብሪ የሎን ትርጉም እዉን ዝህብ ኣይኮነን።

ስለዚ ኣብ ዉሽጣዊ ምቕይያራትናን ምምዕባልናን ከነተኩር ይግባኣ። ነካይዶ ዉሽጣዊ ምዕባሌታትናን ምቕይያራትናን ንከባቢናን ዓለምን ብኣዉንታ ክጸልዎ ስለዝኾነ እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ዘይፍትሓዊ ድንዕታታት ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዕምሩ ክሓጽር ይኽእል እዩ። እዚ ክብል ኮሎኹ ግን ዉሽጣዊ ምቕይያራትን ምዕብልናታትን ከነካይድ ኣብ ንብገሰሉ እዋናት እዉን እንተኾነ ተጻብኦታት ናይ ደገ ሓይልታት የሎን ማለተይ ኣይኮነን። እቲ ተጻብኦታት ኣብ ክንዲ ኣብ ነቒጸ ሞት ፖሊሲታት ኣብ ልዕሊ ተዓጻጻፊን ግዝኣተ-ሕጊ ዘራጋግጽ ፖሊስ ዝፈኩስ ስለዝኾነ፡ ኤርትራ ንመገዲ መሰረታዊ ለዉጢ ገጻ ክትምርሽ ኣለዋ። ከም ቀደምና ድማ መርፍእን ፈትልን ኣላጊብና ክነብር ክንቃለስ ኣሎና።

ዓወት ንኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን!

ሰናይ ንባብን ሰናይ ምዓልትን ንኹሉኹም ኣባላት ባይቶ መስከረም!

ያፌት